# 1. መስፍን ሓጐስን ተዘክሮታት ውድባዊ ጉባኤ ናይ 1973-76

ተዎድሮስ ኣፈወርቂ ቅጽል ናይ ቀዳማይ 22.03.04

ኣብቲ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ዘውካእክሉን ዘልዓልኩዎን ነጥብታት ከም ዝነበራ ናይታ ዝሓለፈት ጽሕፍቲ ዘንበቡ ዝዝክርዎ ኢዩ።ኣንበብቲ ዝያዳ ንከብርሆ ስለ ዝሓተቱኒ ንገለ ከብርሆ መታን ነተን ነጥብታት ኣብኡ እንከለዋ ክዝርዝረን፤
ንሳተን ከኣ፤

1. ውክልና ብጻይ ኣለም ኣብርሃን ብዝሓለፈ ዝእእክላ ተገሊጻ
2. ኣባላት ሕክምና ዝነበሩ 123 ተጋደልቲ ኢየን ዝነበራ።

ንምክፋል ጉባኤ ክማልኡ ዝተሓተ ነጥብታት ምስ መብሪሂኡ እንሆ

1. ዝንባሌ መንካዕ ዘይብሉ፣ እዚ ነጥቢዚ ነዊሕ ክትዕን ዝርዝርን ዘድልዮ ንገዛእ ርእሱ ታሪኽ ስለ ዝኾነ ምናልባት ጊዜ ይሃቦ፣ መንካዕ ዝብል ከምዚ ሎሚ ዓያሹን ጸየቕትን ሸየጥቲ ሃገርን ዝጥቀምሉ ዘለዉ ፈላላዩ፣ መግለጽታት ዝወሃቦ ዘሎ ዘይኮነ እቶም ብሃገሮምን ህዝቦም ግዱሳትን ጥቕሚ ህዝቦምን ረብሓ ሃገሮምን ኣብ ቅድሚት ሰሪዖም ዝኸዱ ዝነበሩ ምሁራትን በላሕትን ኩላቶም ዘጠቓለለ ስለ ዝኾነ ዝበዝሑ ድሮ ኣብ መእሰርት ናይ በዓል ኣቶ መስፍን ስለ ዝነብሩ ነቶም ብሕልናን ዕላማን ዝድግፍዎ ደቂ ሃገርን ምርሓቕን ምግላልን ዝተገብረ ሰንካምን ተንኰላኛን ግብረ እከይ ኢዩ።
2. ዝንባሌ የሚን ዘይብሉ የሚን ወይ ኣድሓርሓርቲ ዝብል ቅጽል ነቲ ተጻጸራሪ ኢሳያስ ዝኾነ ሰሎሙን ወልደማርያን ንምእላይ ኣብቲ ናይ 1973 ምንቅስቃስ ምእላይ ስለ ዘይተካእለ፣ ዳግማይ ከሲስካ ምቕራቡ ካልእ ከለዓዕል ስለ ዝከኣል፣ ብስም የሚን ንእኡን ናቱ ዝንባሌ ዘለዎምን ዝድግፍዎን ኣምሲልካ ብሰብ ዘይፈልጦ ሓዲሽ ስምን ኣተኣታቲካ ብፖለቲካዊ ትንታኔ ሰብ ንምብጽሑ ስለ ዘሸግሮ እዚ ከኣ ንቲ ምሁርን ፈላጥን ናይቲ ገድሊ ስለ ዝቐንጸሉዎን ከምኡ እውን ናይ መጻኢ ድጉል ጸላእቲ ወይ ተዋዳደርቲ ይኾኑ ደኾን ዝብሃሉ ንምቕንጻል ዝተላዕጠጠ ተንኰለኛ ማእለም ኢዩ።
3. ዝንባሌ ሕቡኣን ዘይብሉ ዝብሃሉ እንታውት ኢዮም? ነዚ ንህዝቢ መታን ክበርሃሉ ገለ መግለጺ ክግበሮ ኣድላይነት ኣለዎ፣ እዚ ዝንባሌ ሕቡኣን ዝብሃል ንመኽሰሲ ኮነ መእሰሪ ብዝኾነ ዓይነት መዔቀኒ ዝተሳእኖም ግን ከኣ ናይ መንካዕ ዝንባሌ ኣለዎም፣ ምሁራትን መስተውዓልቲ ደቂ ሃገርን፣ ጀጋኑ ተጋደልትን ማለት ካብ ኩሉ ክፍልታት ናይቲ ገድሊ ዝርከቡ ኣባላት ሰፊሕ ሕብረተሰብ ህዝብና ዝኾኑ ንደሕር ሕጂ መላዓዓልቲ ሕቶታትን መላዓዓልቲ ተጋደልትን ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም ተባሂሎም ዝጥርጠሩ፣ ኣብ ክንዲ ድሓር ጸገም ምስ መጸ ሎሚ ነጥፍእእዮም ተባሂሎም ኢደ ዋኒናዊ ፍርዲ ዝውሃቦም ኢዮም።
4. ብውሕዱ ኣብዚ ውድብ እንተወሓደ 2 ዓመት ዝገበረ ክኸውን ይግባእ. ዝብላ ሓጹር ነበራ፤ ነዚኣ እውን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝተፈላልየ ናይ ዓመታት መልስታት ይውሃባ ነበረ፤ ኣብ ገሊኡ ክልተ ዓመታት ኣብ ገሊኡ እውን 4 ዓመታት ይብሃል ነበረ ኣብ ገለ ቦታታት 3 ዓመታት ዝገበሩ ስለ ዝተመርጹ ግን ኣርባዕተ ዓመት ስለ ዘይገበሩ ዝተረፉ እውን ኣለዉ ነዚ ኣብቲ እዋንቲ ዝተካፈልዎ ክምስክርዎ ይከኣል ጭብጢ ኢዩ።
5. ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ገድሊ ዝገበሩ ብተንኰል ንከይምረጹ ኣብ ናይ ካድራት ቤት ትምህርቲ ሰዲዶም ከም ዘይምረጹን ዘይመርጹን ዝገበሩ ብዓል መስፍን ሓጐስ ናይ ሽዑኡ ናይ ውግእ ጕይቶትን ገበርት ሓደግትን ዝነበሩ፣ ዝተገብረዶ ኣይኾነን።እወ እቲ ጉዳይ ካድርስ መራሒዶ ኣይኮነን ዝብል ነጥቢ የከትል ይኸውን፣ እቲ ሓቂ ግን መራሒ ዝብሃል ኣብ ሻዕብያ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝመርሕ ካብ መራሕ ጋንታ ክሳብ ናብ ብሪገድ ኮነ ልዕሌኡ ነቶም ዘይተማህሩ ዝውሃብ ዝነብረ ሕዛእቲ ኮይኑ ተኪታታላይ ሜላ ወይ ካድር እቲ ናይ ሓይሊ ጽሒፉን ብሕሳ ኣተሓሕዛ ዘይክእልን ስለ ዝኾነ ከም ጸሓፊ ንክኾኖ ዝተመደበ እምበር፣ ከምቲ ስሙን ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ቃልስን ዝሕብሮ ተራ ኣይነብሮን።

እዚ ከም ርዱእ ዝውሰድ ዝኾነ ኣካሉ ዘወፈ ተጋዳላይ መስሉ ኢዩ ኣብ ጊዜ ሰላምን ጊዜ ኵናትን ውግእን ወካሊኡን መራሒኡን ዝኸውን ክውኽል፣ እንተድኣ መሰል የብልካን ዝብል ኾይኑ ግን እቲ ነጻነት እውን ኣየድልዮን፣ ማለት ኢዩ ዘስምዕ፡፡ ንመሰሉ ዘይቃለስ ግቡኡ እውን ብቕኑዕ ኣገባብ ከም ዘይገብር ንምርዳኡ ኣሸጋሪ ከም ዘይኮነ፣ ክዝከር ዘለዎ ጉዳይ እውን ኢዩ። ነዘን ነጥብታት ኣብርሃልና ኢሎም ስለ ዝሓተቱ፣ ንመብርሂ ዝኣኽል ደጊመየን ኣሎኹ፡፡

ካብዚ ቀጺለ ናብ ናይ ሎሚ ነጥበይ ክሓልፍ፡-

ናይ ቀዳማይ ነጥቢ ኣብቲ ናይ 13.03.04 ስለ ዝተገልጸ ሕጂ ኣብቲ ካልኣይ ነጥቢ ክሓልፍ፣ እወ ንኩሉ ጊዜ ከም ዘለዎ ዘይርድኡ ኣራእሶም ከም መፍለስ ኣድኒኖም ዝኾዱ ብዙሓት ነቢሮምን ኣለዉን። ገሊኣቶም ከኣ ከም ናይ ጽቡቕ ሕልናን ባህርያዊ ጠባያቶም ንሰባት ጸሎሎን በለቕን ምቕባእ ዝኣመላቶም ናይ ሓሶትን ምውኻምን ዝስርሓቶም ብዘይካ ብለይትን ብተኘኾልን ብሕቱኽቱኽን፣ ብግሉጽነትን ግሁድነትን ክሰርሑ ዘይክእሉ ናይ ሰይጣንን መካይዱን ቀለምን ሕብርን ክፉእ ተግባራትን ሒዞም ዝኾዱ እውን ዉሑዳት ኣይኮኑን።

ነዚ ከም መረድኢዶ ንበሎ ኣብነት ክኸውን እስከ ካብ ዝሓለፈ ታሪኽ እዛ ዓለምና ንመልኸት፣ ድሕሪ ምውዳቕ ናይ ቺና ግዝኣት ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘበን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ክልተ ተሃላለኽቲ ጀነራላት ነብሩ፣ እቲ ሓደ እሩምን ቅኑዕን ርሕሩሕን ኣላይ ወተሃደራቱን ብኣመራርሓ ውግእ ዕዙዝ ብልጸትን ክእለትን ዝነበሮ ክኸውን እንከሎ፣ እቲ ካልኣዩ ኣተዓባብያኡ ዝበደሎ ኣብ ትሕቲ ሽራሙጥን ዘወርቲ ደቂ ኣንስትዮን ተላኣኽን ኮይኑ ዝዓበ ነበረ፣ ክንዲ ሰብ ምስ ኮነ ኣብ ጊዜ ብሕጻንነቱ ሓደ ካብቶም ለኣኽቱ ዝነበሩ ወተሃደር ኘኽከውን ከተብዎ፣ ከምዞም ናታትና ኣብ ጐዳጉዲ ዝሕብኡ ዘይኮኑስ፣ ኣብ ብዙሕ ውግእን ኲናትን ዝካፈሉ ዝነብሩ ስለ ዝነብሩ ንሓለፍቱ ናይ ቀደምን ሕጅን ስለ ዘገልገለ ክሳብ ጀነራል ከምዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ በጽሐ። ግን ኣብ ዝኾነ ውግእ ኩሉ ጊዜ ይስዕር ስለ ዝነበረ ሓደ ጊዜ ተማሪኹ ተታሕዘ  እሞ ወዮ ክኢላን ውርዙይን ወተሃደር ንዝኾነ ዝገብሮ ብዓይኒ ሕግን ባህልን ከይሰገረ ብለባማትን ናይ ጊዜኦም ፈላጣትን ምሁራትን እናተመክረ ነቲ ውሳኔታቱ የሰንዮ ነበረ እሞ፣ ነቲ ምሩኽ ጀነራል እውን ሰደዶ። ኣብ ቅድሚ ጸላእቱ ነበር ኣንበሳን ዘይድፈር ጫካን እሾክን ክኸውን ከሎ ንህዝቡን ወገኑን ከኣ ርሕሩሕን ደንጋጽን ዝኮነ ኪኢላ ኣማሓዳሪ እውን ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ወዮ ነጻ ዝተለቀ ጀነራል ወተሃደራት ኣኻኺቡ ንወዮ ጅግና ሰዓሮ፣ ብኡኡ ንብኡ ከኣ ወዮ ዝተሳዕረ ርሕሩሕን ሓላይ ህዝቡን ወተሃደራቱን ኣብቲ ውግእ ዝተከስረ ዓይነት ሰብን ዝሓለፈ ወይ ዝሞተ ብዝሒ ህዝቡን ርእዩ ባዕሉ ንነብሱ ቀተለ፡፡ በዚ ጥራይ እውን ኣየብቕዔን፡፡ ወዮ ርጉምን ውርደተኛን ዝኾነ ስልጣን ሒዙ ምስ ኣተወ፣ ነቶም ዝፈልጥዎን ኣማጻጽኣኡን ዝፈልጡ ንወዮም ዝፈትዎምን ዝለኣኽዎን ዝነብሩ፣ ሓደ ጊዜ ናይ ዓወቱን ንግስነቱን በዓል ከኽብር ብዝብል ሽፋን ኣኺቡ፣ ኩሉ ዝብላዕ ቀሪቡ፣ ሰብ እናበልዔን እናሰተየን እናኣዋግዔን ከሎ መሊቑ ወጺኡ፣ ንወዮ ኣብ ርሕቕ ዝበለ ጽምዋ ቦታ ብጽኑዕ እተሰርሐ ገዛ ብደገ ሽጊጡ ሓዊ ኣእትዩ ካብቲ ሓዊ ወጺኡ ንኩላቶም ኣማከርቱን ፈተውቱን ብሓዊ ኣቃጺሉ ብዘይፈልጥዎን ክዋዳደርዎ ዘይክእሉን ሰባት ተከቢቡ ክነብርን ክገዝእን ጀመረ።

ካብዚ ቀጺለ ንኤርትራ ክምለስ፣ ኣብ ኤርትራ ዘይተፈጸመ ዓይነት ግፍዕን ዘይተኣልመ ዓይነት ተንኰልን፣ ኣብ ዓለም ብዝኾነ ጊዜ ተገቢሩ ዘይፈልጥን ብተንኰለኛታት መራሕትን እሙናት ልኡኻቶምን፣ ጸብጺብካን ጽሒፍካን ዘይውዳእ፣ ንህዝቢ ዓለምን ናይ ተኘኾልን ግፍዕን ክፉእን መዝገበ ቃላትን ግብራዊ ኣብነትን ንዝደልዩ፣ (ንዝኾነ ህዝቢ ዓ ለም ከምዚ ናትና ክፉእ ስለ ዘይትምነየሎም ካብዚ እባ የድሕኖም ድኣ)፣ ኣብ ኤርትራ መጺኣቶም ከም ዝምሃሩ ወይ ብመጽናዕቲ ዝተካየደ ጽሑፋት ምስ ወጸ ናይ ደቂ ሰባት ክፉእን ግዕዙይን መግለጺ ዝኸውን፣ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ኢዩ ክድለን ክርከብን። ንኣብነት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝዝውተር ጸይቕካን ክብረተን ኣባላሺካን፣ ንከይትኽሰስን ንከይትፍለጥን ነተን ንጹሃት ካብ ግፍዕን ተኘኾልን ደርግ ኣባላቶምን ወተሃደራቶምን ከምልጣ ዝመጻ ደቂ ሃገር ሰለይቲ እናበልካ ምቕታል፤ ምርሻን፣ ንገለ ዕድለ ዝገበራ ከኣ (ዋላኺ ነውራም እንተኮነ ከምኡ ኢልካ ክትዛረበሉ) ኣባላሽካ፣ ንካባኻ ዝትሕት ስልጣን ዘለዎም ኣባላት ህ.ግ.ሓ.ኤ “ኣነ ሓላፊ እየሞ ሰብ ከይክዕበኒ ንሸኻ ገቢረዮ ኢልካ ተዛረብ” ምባል ንስካ ሓላፊ ግን ንጹህን ቅዱስን ንክትመስል ምፍታን፡፡ ንጥንሲ ዝሓዛ ንኣስመራ ኣእቲካ ጥንሰን ከም ዝሰዳ ምግባር፡፡ ነዚ ኩሉ ብዕግበት ንተጋዳላይ መልሲ ንክህቡ ካብ ተጋደልቲ ሽማግለታት ኮይኖም ንክምርምሩ ዝወጹ፣ ሽማግለታት ኣብ ናይ “ሓለዋ ሰውራ” ኣእቲካ ምጥፋእን ምቕንጻልን፣ጌና ኣይተዘርዘረን ዘሎ፡፡ ኣብ ግዜ ኲናትን ውግእን ንከይትመውት ኣብ ጸግዒ ዓበይቲ ደናጉላ ምሕባእ፡፡ ኣብኡ ኣብ ጸግዒ ደናጉላ ኮንካ

ምዝራብ፡ ካብዚ ለቒቕካ ክትከይድ ከሎካ ንዘይትፈትዎም ለኪምካ ምዝላቕ፡፡ ንእግረ መንገድካ እሱራትን ስኽላትን ምርሻን፡፡ ኣብ ግዜ ኲናትን ውግእን ወተህደራት ኣብ ክንዲ ምምራሕ ኣብ ስክራን መስተን ሳዕሳዒትን ኣብ መርዓን ወደኽደኽን ምውዓል፡፡ ሃገርን ክብራን ንብረታን ጥሪታን ብዓቢኡ ከኣ ዘርኣን ደቃን ህዝባን ክሳቀ ምህዳም፡ መራሕቲዶ ከብል የኽእል? ብግብሪ ኣብ መራሕቲ በሃልቲ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝውቱር ተግባራት ኢዩ፡፡ ዝነበረን ዘሎን ናይ ዛላንበሳ ዝተገብረ፡ ናይ ትግሊኺ ተዘክሮታት ጌና ኣይሃሰሰን፡፡ ምስ ደሙን ቃንዝኡን ብዉዑዩ ኢዩ ዘሎ።

እዚ ብውልቀ ዝብሃል ዘይኾነስ ብጥርነፌ ከም መራሕቲ ካብቲ ዝለዓለ ክሳብቲ ዝተሓተ እትጥቀምሉ ሓሳዊ ሜላ ምዃኑ ኣይኮንንዶ ሰብስ ጭሩኺ ኤርትራውን ፈሊጣቶ ኢያ።

- ህዝቢኾ ንኣቶ መስፍን ኣብ ኀቦ ዘሎ ንፋስ ይሰዶ ኣብ ኀልጎል ዘሎ ከኣ ውሒጅ ይሰዶ ክብሎ ተቀሪሉ ኣብ ዝነበረ ክነግሮ ዘይደለየ ስለምንታይኮን ይኸውን?
- ኣቶ መስፍን ከም ላዕለዎት መራሕቲኸ እንታይ ይገብር ነይሩ?
- ንጹሕ ድዩ ካብዚ ኩሉ?
- ስለምንታይ ኢዩኸ ነቲ ኩሉ ምስጢራት ሒዝዎ ዘሎ?
- ክሳብ ዝመውት ድዩ ክሰትሮ?
- እንታይ ዝሕፍሮን ዘፍርሆን ስለ ዘሎ ኢዩ?
- እቲ ንህዝቢ ካብ ስቃይን ሕሰምን ንከድሕኖ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ብጉጉይ ኣጠቃቕማ ስለ ዝተጠቕመሉ ድዩ?
- ነቲ ናይ 1973 ናይ ምንቅስቃስ ሽግራት ንምፍታሕ ዝቀረበልካ ሕቶ ጽንሕ ክንቃናጸል ኢና ዝበልካዮ ኣብ ተብሕ ትዝኽሮ ደኾን ትኸውን?
- ወይ ኣብ መንጎ ቀብር ውኤትን ገረግር ኣስመራ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረን ምስ ኣፈወርቂ ክንቃናጸል ኢና እናበልካ ከተጉባዕብዕክ ትዝኽሮዶ?
- እወ መዛርብትኻ ኣፈወርቂ በቲ ዝኣምነሉ መትከል ንህዝበይ እናበለ ክስዋእ ኪእሉ መልሱ ግን ኣጸቢቕካ መታን ክትዝኽሮ "ምቕንጻል ከም ዘሎ ኣሚነ ኢየ ካብ ኣዲስ ኣበባ መጺኤ ሓዊ ዝተፍእ እውን ምሳይ ኣሎ ኣጆካ"ትዝክሮዶ ኣብ ወጻኢ ሃገራትከ ብምርድዳእ ዘይኮነ ብምፍርራሕ ስራሓትካ ንከተካይድ ትደሊ ከም ዝነበርካ? ኣብ ወጻኢ ዘጋጠምካዮም ውልቀሰባት ስለ ዝፈልጡካ ባዕላቶም ይመልስዎ።

እሞከ ድኣ ኣቶ መስፍን እንታይ ስለ ዝገበረ ኢዩ ካብ ብጾቱ ተፈልዩ ፓስፖርት ተሓዲጎ ብዝብል ጉዝጓዝ ምኽንያት

1. ኣብ ወጻኢ ክተርፍ ዝከኣለ?
2. ምናልባት ገዛ ድዩ ወይስ መሸጎርያ ናይታ ገዛ ኣቕሪቡ ወይስ ምስጢር ሂቡ ወይስ ምንቅስቃስ ሓቢሩ?
3. ወይስ እታ ገዛ እትስርሓሉ ስለ ዝፈልጥ ወይ ስለ ዘስርሔ?
4. እቲ ናይ ሜዳ ናይ ተላኣኽን ኀያይን መልእተኛ ስርሑ ንምስላጥ ደኾን ይኸን?

እንተዘይኮነ ሓደ ጸላኢ ንከምዚ ከም ናይ ኣቶ መስፍን ዝበለ ኣወጻጽኣን ንምድሓን ጸላኢካን ክትሕዞን ክትቀትሎን እትደሊ ብከምዚ ላዕሊ ዘሎ ንከይሕዘካ ኣይትምጻእ ኣይትእቶ ዝብል፡ ዝግበር ደገፍ ተሰሚዑን ተራእዩን ተዘንትዩን ኣይፈልጥን፡ እወ ከምቲ ጅግና ሳልሕ ጠጠው ኣብቲ ኣብ ገረግር ኣስመራ ዝበለካ ህዝቢ ዓሻን ደንቆሮን ቆጺርካ ብምትላል ክትሓልፎ ከም ዘይደኻል ክዝከር ዘለዎ ርዱእ ነገር ኢዩ።

ካብዚ ቀጺለ እቶም 123 ተጋደልቲ ኣባላት ሕክምና፡ ብንጹር ድሕሪቲ ናይ ቅትለትን ጥፍኣትን ቤት ማእሰርትኹም፡ ዝተሳቀዩን ዝሓንከሱን ክሳብ ኣጸቢቆም ዝሓውዩ ኣብ ክፍሊ ሕክምና ንክጸንሑ ዝተገብሩ ኢዮም ዝነበሩ፡፡ ሓለፍትን፡ ኣባልትን ክፍሊ ሕክምና ሸዱሽተ ነበሩ፡ ካብቶም ሸዱሽተ ስለስተ ንጉባኤ ንክካፈሉ ክኸዱ እንከለዉ ነቶም 123 ኣብ ኣኼባ ኣይተጸውዑን ጥራይ ዘይኮነስ ከም ዝግበር እውን ኣይተሓበሩን። ኩሉ እቶም 6 ሰባት ብምስጢር ዘድልዮም ምስ ኣካየዱን ንጉባኤ ምስ ለኣኩን፡ ድሕሪ ኩሉ ምስ ኮነ፡ እቶም

123 “ስለምንታይ ዘይተነገርና ተጋደልቲዶ ኣይኮናን” ምስ ተባህለ፣ ወዮም መሻርኽትን መማኽርትን ብዓል ኣቶ መስፍን፣ ነቲ ሓሸ ተጋዳላይ ከም ኣቕሓን ፍሉይ ንብረቶምን ጥሪቶምን ቆጺሮም፣ ንመሰሉ ምስ ሓተቶም ብምስትንዓቕ ዝመልኡ እሞ ተጋጊና መገብቲዶ ክኻኾነልኩም ወይስ ማይ ክንወርደልኹም፣ ብማለት መሰላቶም ብዝገፍፍ ምስትንዓቕ መለስሎም። ኣብ ውግእ ባጽዕ ናይ 1977 ዝጠፍኡ 124 ምሩጻት ተጋደልቲከ መን ኢዩ ክሕተተሉ ምስ ወዲ ኤፍረም ዝነብርኩምዎኸ ወይስ ነቲ ወጻእተኛ ጋዜጤኛ ሩስያ ትወቕዕ ኣላ ዝበለ ብቀትሪ ብጸዕዳ ማኪና ንሳሕል ዝሰደድኹምዎኸ ዋና ብኣጋጣሚ እንተኣተወ እቲ ምስጢር ብነፈርቲ ኢትዮጵያ ተመልከተለይ ኢሎም ተወቒዑ ንክጠፍእ ምስጢራትኹም ንከይፍለጥ ድዩ? ዋላስ ካልእ ኣለዎ?፣ ስለዚ ቀደም ሻዕብያ ሎሚ ሻዕብያ ኣይትልወጥ ኣይትቕየር ንስካትኩም እትገብርዎ ለውጢ ዝኣምን ጸማምን ደንቆሮን ስንኩልን ጥራይ ኢዩ በሃላይ ኢየ። እቲ መሪርን ብርቱዕን ተሞኽሮይ ስለ ዝመሃረኒ ለባማት ኣቦታት ክምስሉ “ክሰርቐኒ ዝረኣኽዎስ ክህበኒ ነይኣምኖ” ይብሉ ንምሁራትና ብእምነ ዳርባ እትቀትሉስ ክትዕረዩ ዝሓስብ ምስኪናይ!!!

ክቡራን ኣንበብቲ ከምቲ ልዕል ኢሉ ዘሎ ናይ ክልተ ተሃላለኽቲ ታሪካዊ ጽሑፍ እቲ ለውህን ርሕሩሕን ነቲ ጨካንን ኣረሜናውን ንዝኾነ ሰብ እናቀተለን እናሓደረን ምስ ኣሸገሮ እሞ ደቂ ሓደ ከባቢ እውን ብምንባሮም እዚ ጭካኔዚ እስኪ ብወለዱ ክመጾ ኢሉ ንወለዲ እቲ ጨካን ሒዙ ኣሲሩ ኣብ ቅድሚ ኣረባን ዓደን ህዝብን ኣኪቡ ሰላም ዘይትገብር እንተድኣ ኮንካ ነዞም ኣሲረዮም ዘሎኹ ወለድካ፣ ብፍላይ ግን ነቦኻ ኣብዚ ዝፈልሕ ዘሎ ዘይቲ ከእትዎም ኢየ ነዚ ህዝቢ ሰላም እንተዘይሂብካዮ ምስ በሎ ወዮ ኣረሜን “ኣቦይ ናይ ጥራይ ኣየዕበየይ ንኣካ እውን ኣቦኻ ኢዩ ስለዚ ጠጥቆሞ ካብቲ መዘቕ ብሹባያ ስደደለይ ሓደ ዓይነት መዘቕ ንስጋን ክንበልዕ ምስ በሎ ቀቢጹ ካብዚ ምሕረት ዝብሃል ከም ዘይርከብ ረኣየ።

ክቡራን ደቂ ሃገረይ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሥርዓት ብፍላይን ሓለፉን መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ዝብሃሉ ኣብ ነንሕድሕዶም ክሰሓሓቡን ውራይ ስድራቤታቶምን ውልቃዊ ንብረቶምን ክገብሩ ንጸገምን መከራን ህዝቢ ብኅቦ ኣዒንቶም እናረኣዩ፣ ኣብ ነንሕድሕዶም ክባሱ ዝነብሩ ኣሚንና ኣብ ክንበጽሖ ዘሎና ሸቶ ንድሕሪ ሕጂ፣ ክንድቲ ዝመጽዎ ማለት ክሳብ ዝሞቱ ኣብ ስልጣን ኮፍ ኢሎም ህዝቢ ከይሓተቶም ክመቱ ስለ ዝደልዩ ኣብዚእቶም እምነት ክህልወና ስለ ዘይከኣል ንሕና ህዝቢ ሃገራዊ ዋዕላ ከምቲ ናይ ካስል ዝተባህለ እንተተገብረ ዝሓን ዝበለጸን፣ ካብኡ እቶም ዝምርሹ ንግሕነት ህዝቦም ይሰርሑ እቶም ኣብ ሕቱኽቱኽ ዝውዕሉ ከኣ ምስ ተንኮላቶም ይጐተቱ፣ ህዝቢ ሕበር ንህዝቢ ንምድሓን!!! ህዝቢ ሕበር ንሓገር ንምድሓን!!!!

ብዝተረፈ ኣንበብቲ እዚ ዝብሃል ዘሎ፣ ጫፍ ጫፍ ሓቂ ድኣ እምበር ሓቅስ ኣብ ዓድና ይሹነልና።

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና
ቅሳነትን ሰላምን ንህዝብና
ምዕባሌን ራህዋን ንሃገርና